ዘተ ብዛዕባ ክብርታትና ኣብ ኣስሎ ተኻይዱ

ቀዳማይ ክፋል

ብዕለት 08.11.2009 ኣብ ኣስሎ ብዛዕባ ክብርታትና ዝብል ኣርእስቲ ዘተ ተኻይዱ።

እዚ ብዓይነቱ ንመጀመርያ ዝኾነ ዘተ፣ ኣብ መንነ ኤርትራዊያን ኣብ ኣስሎ ማለት ኢዩ፣ ንዉስናት ኣርእስትታት ብምምራጽ ሃናጺ ዝኾነ ኣስተምህሮ ተመሓላልፉ።

ካብ ተዛተይቲ ከም ዕዱማት ኮይኖም ዝቐረቡ ኣቶ **ፋኑኤል ዑቕባሚካኤልን** ኣቶ **ኤፍሬም ዑቕባስልሴን** ክኾኑ ከለዉ ብወገን ክፍሊ መንነት ሕዝባዊ መኽተ ኣስሎ ከኣ ኣቶ **ተኽለ ፍቓዱን** ኣቶ **ዮናታን ስሙኤል** ኔሮም። መራሒ መደብ ኣቦ ወንበር ሕዝባዊ መኽተ ኣስሎ ኣቶ **የማነ ሃይለ** ኔሩ።

ኣቶ **የማነ ሃይለ** መደብ ብመዝሙር ኤርትራ ክኽፈት ዕድመ ኣቕርቡ። ድሕሪ መዝሙር ኤርትራ እቲ ዘተ መቐጸልታ ናይቲ ብ10 ግንቦት 2009 ዝተገብረ ሰሚናር ብዝዕባ ክብርታትና ምኻኑ ተገሊጹ። ኣስዕቡ በዝኤን ዝስዕባ ኣርእስታት እቲ ዘተ ኽካየድ ምኻኑ ተሓቢሩ።

1. ኪዳን ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራዊያን ምኻኑ
2. ሓልዮት ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራዊያን ምኻኑ
3. ጅግንነት ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራዊያን ምኻኑ

ነዚኤን ልዕል እለን ዝተጠቕሳ ኣርእስትታት ንነፍሲወከፈን ናይ 45 ደቒቓ ግዜ ተዋሂብወን። ቀዳማይቲ ኣርእስቲ ብኣቶ **ፋኑኤል ዑቕባሚካኤልን** ኣቶ **ኤፍሬም ዑቕባስልሴ** ኽትቀርብ ከላ፣ ካልኣይቲ ኣርእስቲ ብኣቶ **ተኽለ ፍቓዱ** ኽትቀርብ ከላ ሰልሰይቲ ኣርእስቲ ከኣ ብኣቶ **ዮናታን ሳሙኤል** ቐርባ።

ዕላማ ናይዚ ዘተ እንታይ ኔሩ፣ ስለምንታይከ ኣድለየ፣

- ታርኽ ንምርዳእ። እዚ ማለት ምስጢር ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ምርዳእ ማለት ኢዩ።
- መንነትካ ምርዳእ ማለት ክብርታትካ ምዕቃብ ማለት ኢዩ።
- ኤርትራዊነት ዝብል ኣምር ከመይ ይህነጽ ዝብል ሕቶ ይምልሽ።
- ባህላዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ ከምኡውን ፖለቲካዊ ኩነታትካ ንምርዳእ ይሕግዝ።

ኪዳን

ቀዳመይቲ ኣርእስቲ ብዛዕባ ኪዳን ኮይና ሕሉፍ ኩነታት ኪዳን ኣብ ኤርትራዊያን ከመይ ኔሩ፣ ሕጂኽ ከመይ ኣሎ፣ ንመጻኢ ወለዶኽ ብኽመይ ይተሓላለፍ ከምኡውን ብልጫታቱን ድኽመታቱን ግለጽ ዝብል ኔሩ።

ብኣቶ **ፋኑኤል ዑቕባሚካኤል** ዝቐረበ መግለጺ፣

ሃብታም ባህሊ ኣሎና። ብኡኡ ከኣ ንሕበንን ንጥርንዕን። ኪዳና ልቦና ዘስንቕ፣ ጥልመትን ክሕደትን ዘወግድ፣ ሓቂ ዘቕንት፣ ስራሕ ዘፍቱ፣ ጋሻ ዘኽብር ምኻኑ ዘረድኣና ብዙሕ ምስላታት ናይ ኣቦታት ከምዘሎ ኢዩ።

ሕዝብና ኣብ ባህሉን እምነቱን ጽኑዕ ኮይኑ ብኪዳኑ ኽቢሩ ዝነበር ሕዝቢ ምንባሩ። ጉዳይ ሰባት ብትዕግስትን ጽሞናን ሰሞየም፣ ንሰብ ጉዳይ ኣእምኖም ብዕርቂ ይዕጸ ከምዝነበረ። ኪዳን ምስ እምነትን ሃይማኖትን ዝተተሓዘ ኢዩ። ኪዳን ኣብ ሰብ ሓዳር፣ ኣብ ቤተሰብ፣ ኣብ ቃልስን ኣጎልጉለትን፣ ኣብ ገዛ ኽራይ ኣካረይትን ተኻረይትን ዝኣመሳሰሉ ጽኑዕ ከምዝነበረ ኢዩ።

ከም ኣብነት ኣብ ሰብ ሓደር ንዘጋጥም ጸገማት ብምስጋር ሰብ ሓዳር ብኪዳኖም ጸንየም ይነብሩ ኔሮም። ካልእ ኣብ ገዛ ኽራይን መሬትን ስስዔ ብምቕባር ክራይ ከይወሰኽ ንብዙሕ እዋናት ኪዳን ብምሕላው ኣብ ሕውነት ዝተመስረተ ናብራይንበር ኔሩ። ሕማም ምስ ዘጋጥም ንግዝኡ ክራይ ኣይሕተትን ኔሩ።

ኣብ ስርሓት ህንጻ ብወፈራ መልክዕ ይፍጸም ኔሩ። ኣብ ወላድን ውሉድን ዝነበረ ኪዳን ኣብ ግዜ እርጋን ወለዲ ብደቆም ይጥወሩ ኔሮም።

ኪዳን ዓድን ሃገርን ከኣ ካብ ጸላእቲ ምክልኻልን ምብጃው ንሕዝብኻ፣ ብህይወትካ ምውፋይን ምሕላፍን፣ ብጻይነት ምሕያልን ይምልከት።

ኣብ ትምህርትን ጥዕናን ከኣ ሞዮኦም ንህዝቦምን ሃገሮምን ግዝኣምን ፍለጠቶምን ዝስውኡ ኪዳኖም ዝሓለዉ ሞያዊያን ከም ኣብነት ስዉእ **ሳልሕ መኪ** ተዘኪሩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ቤት ዕዮ ብዉሑድ መኽስብ ንተገልገልቲ ዘዕግቡ ወነንቲ ከምዝነበሩ ኢዩ።

ልዕል ኢሉ ተገሊጹ ዘሎ ቀደም ዝነበረ ኪዳን ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ዘዝንቱ ኮይኑ ቀጺሉ ኣብዚ ግዜ'ዚ ከመይ ኢሉ ኣዚ ኪዳን'ዚ በሪሱን ኣብ ምንታይ ኩነታት ንርከብ ከምዘሎና ዝድህስስ ኢዩ።

ኪዳን ሕዝቢ ኤርትራ በብቑሩብ ኢዩ እንዳተማሕወ ኣብዚ ኣሰካፊ ኩነታት ወዲቑ ዘሎ።ቀንዲ ጠንቂ ውድቀት ኪዳን ኣብ መንጎ ሕዝቢ ኤርትራ ምትእትታው መግዝእቲ ሃጸይ ሃይለስላሴ ኢዩ። መግዛእቲ ሃጸይ ሃይለስላሲ ኣብ ክንዲ እቲ ክቡርን ብሉጽን ኪዳን ኤርትራዊያን ምስሳንን ምሕላውን ናቱ ፍርዲ ቤታትን ላዕለዋይ ፍርዲ ቤታትን ብምትእትታው ጥልመት ኣብዚ ግዜ ኢዩ ተጀሚሩ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኪዳን ጠፍኣ፣ ጥልመት ከኣ በዚ ሎሚ ግዜ **ኣፋረ** ብዝብል ሽም ተኻሓሕላ ትርከብ።

ሽማግለታት ዓረቕቲ ዝገብርዎ ሃስያ ኣብ ምዕናው ኪዳን'ውን ቀልል ከምዘይኮነ ኢዩ።

ናይ ሎሚ ኣካረይቲ ክራይ ወስኹ ከምዝብሉ። ምስ ደለልቲ ብምስምማዕ ደቅና ካብ ወጻኢ ስለዝመጹ ወይ ከኣ ገዛና ክነሐድሶ ደልና እንዳበሉ ንተኻረይቲ ከምዝብድሉ።

ገዛ ኣስርሓለይ ዝበልካዮ ተኽናታሪ ብዝነፈሰ ቼሜንቶ፣ ብዝመረተ ቶንድኖ እንዳገበሩ ገዛ ኣበላሽዮም ይህቡኻ። ገመል ዝሃብካዮ ደርሆ ይምልሰልካ። ምልዮን ዝሃብካዮ ሽሕ ይምልሰልካ። ስለዚ በዚ ሎሚ ግዜ ኪዳን ጠፍኣ ብጥልመት ሕማም ሕዝብና ይሳቐ ከምዘሎ ኢዩ።

ኣቶ **ፋኑኤል ውቕባሚካኤል** ነዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዝሩ ዘሎ መሃሪ ዝኾነ ጽሑፍ ድሕሪ ምቕራብ እቲ ዘተ ነቲኦም ካልኦት ተዛተይቲ ዝምልእሉ እንተለዎም ዕድል ተዋሂቡ። በዚ መስረት ከኣ ኣቶ **ኤፍሬም ውቕባስላሴ** ነዚ ዝስዕብ ወስኹሉ።

ኪዳን ማለት ማሕላ ወይከኣ ውዑል ማለት ኢዩ። ኣብ ዕርክነት ጸጸር ውሕጥካ ዓርኪ ርእስነት ይምስረት ከምዝነበረ። ዓርከት ምስ በልካ ምጥልላም ከምዘይነበረ ኢዩ።

ካብ ደራሲ እዚ ጽሑፍ'ዚ

ናይ ሎሚ ጽሑፍ ቀዳማይ ክፋል ብዛዕባ **ኪዳን** ዝብል ኣርእስቲ ኢዩ ቐሪቡ። ቀጽሉ ብዛዕባ **ሓልዮት** ዝብል ካልኣይ ክፋል ኣርእስቲ ክቐርብ ኢዩ።

ደራሲ ነዚ ዘተ'ዚ ትምህርቲ ረኽበሉ ኢየ ኢሉ ይኣምን። ብፍላይ ቐደም ኢሉ ዝነበረ ኪዳን ከመይ ኢሉ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ዝሕዝን ኩነታት ወዲቑ ብተመስጦ ዝተኽታተልክዎ ኣርእስቲ ኢዩ። እዚ ኣርእስቲ ግን ንመጻኢ ወለዶ ኪዳን ከምይ ይተሓላለፍ ዝብል ሕቶ ኣይመለሸን ዝብል እምንቶ ኣሎኒ። ሽሕ ኡኳ ኣቀራርባ ኣቶ **ፋኑኤል ዑቑባሚካኤል** ዝንኣድ እንተኾነ እቲ ገዛ ነዚኣ ሕቶ ማለት ኪዳን ብኽመይ ንመጻኢ ወለዶ ይተሓላልፍ ዝብል ጎስዩዋ ምሕላፉ ኣይግድን። ስለዚ ንመጻኢ ኣብ ዝግበር ዘተ እቲ ሕቶታት ብግቡእ ምላሽ ኽረክብ ምእንቲ ወይ ግዜ ምውሳኽ ወይ ከኣ ኣርእስትታት ምጉዳል ይምረጽ ዝብል እምንቶ ኣሎን። ቀጽለ ብዛዕባ ጥልመት ትምልከት ዳእላ ብምቕራብ ጽሑፈይ ክድምድም ኢየ።

ሓደ ግዜ፣ ሓደ ቐሺ፣ ሰንበት መዓልቲ ስብከት ክህቡ ኣብ ዝዳለውሉ ዝነበሩ እዋን ንሓደ መንእሰይ ከምዚ ዝስዕብ ለበዋ ሃብዎ። እዚ ወደይ ሎሚ መዓልቲ ሰብከት ኣብ ዝህበሉ ግዜ ሕዝቢ ክእከብ ስለዝኾነ እንካ እዚኣ ቆብዬይ 'ሞ ኣብ መንጎ እቲ ሕዝቢ እናድዞርካ ገንዘብ ኣክበልይ እሎም ቆብያም ይህብዎ። ወዮ መንእሰይ ኣብቲ ግዜ ሰበኻ እንዳዞረ ገንዘብ ይእክብ እሞ እቲ ስብከት ምስተወድኤ ሕዝቢ ነንገዝኡ ይኸይድ። ወዮ መንእሰይ ኑቲ ገንዘብ ብምልኡ ሓቢኡ ነትኡም ቀሺ ቆብያም ጥራሕ ይመልስሎም። ወዮ ቀሺ ነገሩ ኣስደምምዎም ቆብያም ድሕሪ ምቕባሎም ኑቲ መንእሰይ ምርቕ ኣብሎሞ። መንእሰይ ግን ደንጽይዎ። ከመይስ መርገም ክጽበ ጸኒሑ ምርቓ ምስ ዘነበሉ ተደናግሩ፣ ኣቦይ ቀሺ በዚ ዝግበርክዎ ኽትረግሙኒ እንዳተጸበኹስ ምርቓ ኣጎንጽፍኩምን ስለምንታይ እዚ ኹሉ ምርቓ ንዓይ ኢሉ ተወክስዎም። እሶም ከኣ፣ ወደይ እቲ ምርቓስ ኑቲኣ ቆብዬይ ስለዝመለስካለይ ኢዩ እሎሞ።

እምበኣር ኪዳን ሎም ዘበን ኣይግድን ዘሎ'ሞ እንታይ እነተተገብረ ይሓይሽ እልና ኽንዝቲ ጉቡእ ግዜ ኢዩ።

ተጻሕፈ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ ኖርወይ